Tigrinya - Promises Scriptures

ኢሳይያስ 43:2 fire and water not hurt ኣምላኽ people. - ኤፌሶን 2:10 ፍጡራቱ ኢና እሞ፡ ነቲ ኣምላኽ ክንመላለሰሉ ኢሉ ቐደም ዘዳለዎ ሰናይ ግብሪ ብክርስቶስ የሱስ እተፈጠርና ኢና።

ኢሳይያስ 59:17; ኢሳይያስ 61:10 - ኤፌሶን 6:14,17 ደጊም ሕቑኹም ብሓቂ ተዐጢቕኩም ድርዒ ጽድቂውን ተኸዲንኩም ቁሙ። 17 ናይ ምድሓን ቀኑራዕ ርእሲ ኣእትዉ፡ ናይ መንፈስ ሰይፊውን፡ ማለት ቃል ኣምላኽ፡ ሐዙ።

ወንጌል ማቴዎስ 24:22 እተን መዓልትታት እቲኤን እንተ ዘይሐጽራስ፡ ስጋ ዝለበሰ ኹሉ ኣይምደሐነን። ምእንቲ እቶም ሕሩያት ግና እተን መዓልትታት እቲኤን ኪሐጽራ እየን።

ወንጌል ማቴዎስ 26:41 ናብ ፈተና ኸይትኣትዉስ ንቕሑን ጸልዩን። መንፈስ ተዳልዩ ኣሎ፡ ስጋ ግና ድኹም እዩ።

ወንጌል ማርቆስ 10:48-52 ብዙሓት ድማ ስቕ ኪብል ገንሕዎ፡ ንሱ ግና፡ ኣታ ወዲ ዳዊት፡ ምሐረኒ፡ እናበለ ኣዝዩ ጨደረ። 49 የሱስ ድማ ደው ኢሉ፡ ጸውዕዎ፡ በለ። ነቲ ዕውር ከኣ ጸዊዖም፡ ኣጆኻ፡ ተንስእ፡ ይጽውዓካ ኣሎ፡ በልዎ። 50 ተንሲኡ፡ ባርኖሱ ኣውጺኡ፡ ናብ የሱስ መጸ። 51 የሱስ ድማ፡ እንታይ ክገብረልካ ትደሊ ኣሎኻ፤ ኢሉ መለሰሉ። እቲ ዕውር ከኣ፡ ረቡኒ፡ ክርኢ፡ በሎ። 52 የሱስ ከኣ፡ ኪድ፡ እምነትካ ኣሕወየትካ፡ በሎ። ብኡብኡ ረኣየ፡ ኣብ መገዲውን ሰዐቦ። (ወንጌል ማቴዎስ 20:30-34)

ወንጌል ማርቆስ 16:20 ንሳቶም ድማ ወጺኦም ኣብ ኩሉ ሰበኹ። ጐይታ ምሳታቶም ይገብር፡ ነቲ ቓልውን ብዚስዕብ ተኣምራት የጽንዖ ነበረ።

ወንጌል ሉቃስ 14:23 እቲ ጐይታ ድማ ነቲ ባርያኡ፡ ናብ መገድን ናብ ገዛታትን ውጽእ እሞ ቤተይ ምእንቲ ኽትመልእሲ፡ ኪኣትዉ ተጋደሎም፡ በሎ።

ወንጌል ሉቃስ 21:14/15 ኣነ ንኹሉም መኻራኽርትኹም ምቅዋሙን ምምጓቱን ዘይከኣሎም ኣፍን ጥበብን ክህበኩም እየ እሞ፡ ስለዚ ብኸመይ ከም እትመልሱ፡ ቅድም ከይትሐልዩ፡ ኣብ ልብኹም ኣንብርዎ።

ወንጌል ሉቃስ 21:36 ስለዚ ኻብዚ ዚመጽእ ኩሉ ነገር ንምምላቕኑን ኣብ ቅድሚ ወዲ ሰብ ደው ንምባልን ሓይሊ ምእንቲ ኽትረኽቡስ፡ ኩሉ ሳዕ እናጸሌኹም ንቕሑ።

ወንጌል ዮሐንስ 17:15 ካብቲ ኽፉእ ክትሕልዎም እምበር፡ ካብ ዓለም ከተውጽኦም ኣይኮንኩን ዝልምን ዘሎኹ።

ግብረ ሐዋርያት 11:23/24 ንሱ ምስ መጸ፡ ጸጋ ኣምላኽ ርእዩ ተሐጐሰ። ንሱ መንፈስ ቅዱስን እምነትን ዝመልኦ ሕያዋይ ሰብኣይ እዩ እሞ፡ ብምሉእ ልቦም ብጐይታ ጸኒዖም ኪነብሩ መኸሮም፡ ብዙሕ ህዝቢ ኸኣ ንጐይታ ተወሰኸ።

ግብረ ሐዋርያት 13:48 ኣህዛብ ከኣ እዚ ሰሚዖም ተሐጐሱ፡ ንቓል ኣምላኽ ድማ ኣመስገኑ። እቶም ንህይወት ዘለኣለም እተመደቡ ዘበሉ ኹላቶምውን ኣመኑ።

1 ቆሮንቶስ 10:13 ሰብ ኪጸሮ ዘይኽእል ፈተና ኣይበጽሓኩምን ። ኣምላኽ እሙን እዩ እሞ፡ ምስቲ ፈተናኹም ምጽዋሩ ምእንቲ ኽትክእሉስ፡ መውጽኢ ገይሩልኩም ኣሎ፡ ካብ

ዓቕምኹም ንንየው ክትፍተኑ ኣይሐድገኩምን እዩ።
1 ቆሮንቶስ 16:8/9 ዓብይን ብርቱዕን ደገ ተኸፊቱለይ ኣሎ፡ ተጻረርቲ ኸኣ ብዙሓት እዮም እሞ፡ ክሳዕ በዓላት ሓምሳ ኣብ ኤፌሶን ክጸንሕ እየ።
2 ቆሮንቶስ 12:9 ንሱ ኸኣ፡ ሓይለይ ብድኻም እዩ ዚፍጸም እሞ፡ ጸጋይ ይኣኽለካ፡ በለኒ። ስለዚ ሓይሊ ክርስቶስ ኣብ ልዕለይ ምእንቲ ኺሐድር፡ ብብዙሕ ታሕጓስ ብድኻመይ ክምካሕ እየ።
ኤፌሶን 6:11/12 እቲ ቕልስና ምስ ሕልቅነትን ስልጣናትን ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ምስ መናፍስቲ እኪይን ኣብ ሰማያት እዩ እምበር፡ ምስ ስጋን ደምን ኣይኮነን እሞ፡ ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋሙ ምእንቲ ኽትክእሉስ፡ ኩሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ።
ዕብራውያን 1:7,14 ብዛዕባ መላእኽቲ ኸኣ፡ መላእኽቱ ንፋሳት፡ ኣገልገልቱውን ሃልሃታ ሓዊ ዚገብር፡ ይብል። 14 ኩሎምዶ፡ ነገልግሎት እቶም ምድሓን ኪወርሱ ዘለዎም ዚለኣኹ መናፍስቲ ኣገልግሎት ኣይኮኑን
ያዕቆብ 4:7 እምብኣርሲ ንኣምላኽ ተገዝእዎ። ንድያብሎስ ግና ተጻረርዎ እሞ፡ ንሱ ኻባኻትኩም ኪሀድም እዩ።
1 ጴጥሮስ 5:10 እቲ ብክርስቶስ የሱስ ናብ ናይ ዘለኣለም ክብሩ ዝጸውዓኩም፡ ኬበርትዓኩም ኪስርተኩምውን እዩ።
ወንጌል ዮሐንስ 14:1 ልብኹም ኣይሸበር። ብኣምላኽ እመኑ ብኣይውን እመኑ።
ወንጌል ዮሐንስ 14:27 ሰላም እሐድገልኩም፡ ሰላመይውን እህበኩም ኣሎኹ። እቲ ኣነ ዝህበኩም ዘሎኹስ፡ ከምቲ ዓለም እትህቦ ኣይኮነን። ልብኹም ኣይሸበርን ኣይሰምብድን።
ወንጌል ዮሐንስ 16:6 እዚ ስለ ዝነገርኩኹም ግና፡ ልብኹም ጓሂ መልኤ።
ወንጌል ዮሐንስ 16:20,22 ንስኻትኩም ክትበኽዩን ክትሐዝኑን ኢኹም፡ ዓለም ግና ናህ ኪብላ እዩ፡ ንስኻትኩም ክትጉህዩ ኢኹም፡ ግናኸ እቲ ጓሂኹም ናብ ሓጐስ ከም ዚልወጥ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 22 እምብኣርከ ንስኻትኩኩምውን ሎሚ ጓሂ ኣሎኩም፡ ግናኸ ከም ብሓድሽ ክርእየኩም እየ፡ ልብኹምውን ኪሕጐስ እዩ። ሓጐስኩም ድማ ካባኹም ዚወስዶ የልቦን።
ግብረ ሐዋርያት 2:46 ኣብ ጸጽባሕ ብሕብረት ኣብ ቤተ መቕደስ ከየቋረጹ ጸኒዖም ይእከቡ ነበሩ፡ ኣብ ኣባይቲ እንጌራ እናቕረሱ፡ ብሓጐስን ብግሩህ ልብን ንኣምላኽ እናኣመስገኑ ብሓንሳእ ኮይኖም ይበልዑ ነበሩ።
ሮሜ 9:1/2 ኣነ ብዙሕ ጓህን ዝየባትኽ ስቓይን ኣብ ልበይ ከም ዘሎኒ፡ ሕሊናይ ብመንፈስ ቅዱስ ይምስክረለይ ኣሎ፡ ብክርስቶስ ሓቂ እብል ኣሎኹ፡ ኣይሕሱን እየ።
2 ቆሮንቶስ 1:2-4 ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ንኣኻትኩም ይኹን። 3 ኣምላኽ፡ ኣቦ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ኣቦ ምሕረትን ኣምላኽ ኩሉ ምጽንናዕን፡ ይባረኽ፡ 4 በቲ ንርእስና ኻብ ኣምላኽ እንጸናንዓሉ ምጽንናዕ፡ ነቶም ኣብ ጸበባ ዘለዉ ኹላቶም ከነጸናንዕ ምእንቲ ኺከኣለናስ፡ ብጸበባና ዘበለ ዜጸናንዓና ንሱ እዩ።

2 ቆሮንቶስ 2:4 እቲ ዘፍቅረኩም ፍቕረይ ኣዝዩ ብሉጽ ም኿ኑ ምእኻቲ ኽትፈልጡ እምበር፡ ብብዙሕ ጸበባን ጭንቀት ልብን ብዙሕ እናነባዕኩ ዝጸሐፍኩልኩም፡ ምእንቲ ኽጕህየኩም ኢለ ኣይኮንኩን።
ኤፌሶን 5:18/19 ዝርገት ኣለዎ እሞ፡ ብወይኒ ኣይትስከሩ። ግናኸ ብመዝሙርን ምስጋናን ብመንፈሳዊ ቕኔን ብልብኹም ንጐይታ እናተቕኔኹምሉን እናደረስኩሉን ንሓድሕድኩም እናተዛራረብኩምን፡ መንፈስ ይምላእኩም።
ፊልጵስዩስ 4:4 ብጐይታ ኹሉ ሳዕ ተሐጐሱ፡ ደጊመ፡ ተሐጐሱ፡ እብል ኣሎኹ።
ያዕቆብ 5:13 ኣብ ማእከልኩምዶ ሓሳረ መከራ ዚጸግብ ኣሎ፧ ይጸሊ። ሕጉስዶ ኣሎ፧ ይዘምር።
ኦረት ዘፍጥረት 20:6 ኣምላኽ keep from sinning against Christians.
ዘጸአት 35:21,26 heart make willing spirit.
ዘኁልቍ 10:35 ኣምላኽ arise enemy scatter.
ዘዳግም 2:25 fear and dread of ኣምላኽ on people.
ኢያሱ 2:9 terror of ኣምላኽ on Jericho.
1 ሳሙኤል 17:48,50 - ዳዊት & Goliath
እዮብ 29:14 robe of righteousness.
ምሳሌ 13:11,22 ኣምላኽ give wealth of wicked to righteous.
ምሳሌ 22:22,23 ኣምላኽ defend the oppressed.
ኣስቴር 8:17 fear of Jews on people.
ኢሳይያስ 35:8 Way of Holiness
ኢሳይያስ 49:25 ኣምላኽ contend with enemy.
ኢሳይያስ 54:17 no weapon against ኣምላኽ people.
ኢሳይያስ 59:19 Spirit of ኣምላኽ lift up standard against enemy floods.
ሕዝቅኤል 22:30 ኣምላኽ want man pray for people.
ሕዝቅኤል 45:8 rulers not oppress ኣምላኽ people.
ዳንኤል 4:16; ዳንኤል 7:4 have heart of man or beast.
ዘካርያስ 4:6 Not by might, nor by power, but by My Spirit, saith the LORD of hosts.
ሮሜ 6:22/23 ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ፡ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ የሱስ ጐይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ። ሕጂ ግና ካብ ሓጢኣት ሓራ ስለ ዝወጻእኩም፡ ንኣምላኽውን ስለ እተገዛእኩምዎ፡ ፍሬኹም ንቕድስና ኹይኑ ኣሎ፡ መወዳእታ ኽኣ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ።
ሮሜ 8:2 እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘሎ ሕጊ መንፈስ ህይወት ካብቲ ሕጊ ሓጢኣት ሞትን ሓራ ኣውጺኡኒ እዩ እሞ፡
2 ጢሞቴዎስ 1:10 ሕጂ ግና ብምግሃድ መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ተገልጸ፡ ንሱ ንሞት ዝሰዐሮ፡ ንህይወትን ንዘይምጥፋእን ብወንጌል ናብ ብርሃን ዘውጽኦ፡

ሕዝቅኤል 37:12,13 ኣምላኽ open graves & bring out people - ራእይ ዮሐንስ 20:13 ባሕሪ ድማ ነቶም ኣብኣ ዘለዉ ምዉታት ወፈየት፡ ሞትን ሲኦልውን ኣባታቶም ዘለዉ ምዉታት ወፈዩ። ነፍሲ ወከፎም ከኣ ከከም ግብሮም ተፈርዱ።

ወንጌል ማቴዎስ 27:52 መቓብራትውን ተኸፍቱ፡ ብዙሓት ደቂሶም ዝነበሩ ስጋ ቅዱሳን ተንስኡ።

ግብረ ሐዋርያት 17:25 ንሱ ህይወትን ትንፋስን ኩሉ ነገርን ንኹሉ ዚህብ እዩ፡ ገለ ኸም ዚጨንቆ ኢድ ሰብ ኣየገልግሎን እዩ። (እዮብ 12:10)

ራእይ ዮሐንስ 13:15 ምስሊ እቲ ኣራዊት ምእንቲ ኺዛረብን፡ ነቶም ንምስሊ እቲ ኣራዊት ዘይሰገዱ ዘበሉ ኹላቶም ምእንቲ ኬቕትሎምን ከኣ ንምስሊ እቲ ኣራዊት ትንፋስ ኪህብ ተዋህቦ።

ወንጌል ዮሐንስ 10:10 ሰራቒ፡ ብጀካ ኺሰርቕን ኪሐርድን ኬጥፍእን ኢሉ ኣይመጽእን እዩ። ኣነ ግና ህይወት ምስ ተረፉ ምእንቲ ኺረኽባ እየ ዝመጻእኩ።

ራእይ ዮሐንስ 22:1 ከም ክሪስታል ዝምጽራዩ ርባ ማይ ህይወት ከኣ ኣርኣየኒ፡ እዚ ኻብቲ ናይ ኣምላኽን ናይቲ ገንሸልን ዝፋን እናወጸ፡

ወንጌል ዮሐንስ 4:10 የሱስ ድማ፡ ህያው ኣምላኽን እቲ ኣስትይኒ ዚብለኪ ዘሎ መን ምኳኑን እንተ ትፈልጥስ፡ ንስኺ ግዳ ምለመንክዮ ኔርኪ፡ ንሱ ኸኣ ማይ ህይወት ምህበኪ ነይሩ፡ ኢሉ መለሰላ።

ወንጌል ዮሐንስ 4:14 እቲ ኻብቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ዚሰቲ ግና፡ እቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ኣብኡ ንዘለኣለም ህይወት ዚፍልፍል ዓይኒ ማይ ኪኸውን እዩ እምበር፡ ንዘለኣለም ኣይጸምእን እዩ፡ ኢሉ መለሰላ።

ኤርምያስ 21:8 - ወንጌል ማቴዎስ 7:13/14 እታ ናብ ጥፍኣት እትወስድ ደገ ርሕብቲ፡ መገዳውን ገፊሕ እያ፡ እቶም ብእኣ ዚኣትዉ ድማ ብዙሓት እዮም። እታ ናብ ህይወት እትወስድ ደገ ግና ጸባብ፡ መገዳውን ቀጣን እያ፡ እቶም ዚረኽብዋ ኸኣ ሒደት እዮም እሞ፡ በታ ጸባብ ደገ እተዉ።

ምሳሌ 10:2 - ሮሜ 5:21 ከምቲ ሓጢኣት ብሞት ዝገዝኤ፡ ጸጋውን ከምኡ ብየሱስ ክርስቶስ ጐይታና ብጽድቂ ንዘለኣለም ህይወት ኪገዝእ እዩ።

ወንጌል ማቴዎስ 15:4 ኣምላኽ፡ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፡ ድማ፡ ነቦኡ ኼን ወይስ ነዲኡ ሕሱም ቃል ዜውስእ ሞት ይሙት፡ በለ።

ወንጌል ማርቆስ 13:22 ናይ ሓሶት ክርስቶሳትን ናይ ሓሶት ነብያትን ኪትንስኡ እዮም እሞ፡ እንተ ተኻእሎምሲ፡ ነቶም ሕሩያትውን ኬስሕቱ፡ ትእምርትን ተኣምራትን ኪገብሩ እዮም። (ሕዝቅኤል 13:17-23)

ወንጌል ዮሐንስ 5:28/29 ኣብ መቓብር ዘለዉ ኹላቶም ድምጹ ዚሰምዑላ ሰዓት ክትመጽእ እያ፡ ሰናይ ዝገበሩ ናብ ትንሳኤ ህይወት፡ እኩይ ዝገበሩ ኸኣ ናብ ትንሳኤ ፍርዲ ኺወጹ እዮም እሞ፡ በዚ ኣይትደነቕ። (ኢሳይያስ 26:19)

ወንጌል ዮሐንስ 10:28 ኣነ ኸኣ ህይወት ዘለኣለም እህበን፡ ንዘለኣለም ድማ ኣይጠፍኣን እየን፡ ካብ ኢደይውን ዚምንዝዔን የልቦን።

ወንጌል ዮሐንስ 11:43,44 እዚ ምስ በለ፡ ኣልኣዛር ንዓ፡ ናብ ወጻኢ ውጻእ፡ ኢሉ ብዓብዩ ድምጺ ጨደረ። 44 እቲ ምዉት ብግኑዙ፡ ኣእዳውን ኣእጋሩን ብእሱሩ ገጹውን ብመኣረምያ ተጐንጉኑ ኸሎ ወጸ። የሱስ ድማ፡ ፍትሕዎ እሞ ይኺድ ሕደግዎ፡ በሎም።

ወንጌል ዮሐንስ 12:17 እቶም ንኣልኣዛር ካብ መቓብር ጸዊዑ ኻብ ምዉታት ኬተንስኦ ኸሎ ምስኡ ዝነበሩ ህዝቢ ኸኣ ይምስክሩሉ ነበሩ።።

ወንጌል ዮሐንስ 17:1/2 የሱስ እዚ ተዛሪቡ ኣዒንቱ ናብ ሰማይ ቋሕ ኣቢሉ፡ በለ፡ ዎ ኣቦ፡ ሕጂ እታ ጊዜ በጺሓ፡ ነዞም ዝሀብካዮ ኹላቶም ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺህቦምሲ፡ ንወድኻ ኣብ ልዕሊ ስጋ ዘበለ ምልኪ ሂብካዮ ኢኻ እሞ፡ ንሱ ምእንቲ ኬኽብረካስ፡ ንወድኻ ኣኽብሮ።

1 ቆሮንቶስ 15:19-26 ኣብዛ ህይወት እዚኣ ጥራይ ብክርስቶስ ተስፋ እንተ ገበርናስ፡ ካብ ኩሉ እነደንግጽ ምኾንና ኔርና። 20 ሕጂ ግና ክርስቶስ፡ በኹሪ እቶም ዝደቀሱ ኾይኑ፡ ካብ ምዉታት ተንስኤ። 21 ስለዚ ኽምቲ ሞት ብሓደ ሰብ ዝምጸ፡ ከምኡ ኸኣ ትንሳኤምውታት ብሓደ ሰብ እዩ ዝመጸ። 22 ከምቲ ኹላቶም ብኣዳም ዝሞቱ፡ ከምኡ ድማ ኩላቶም ብክርስቶስ ህያዋን ኪኾኑ እዮም። 23 ግናኸ ነሲ ወከፍ በብስርዓቱ እዩ፡ ክርስቶስ ከም ቦኽሪ፡ ደሓሪ እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ብምጽኣቱ። 24/25 ክርስቶስ ነቶም ጸላእቱ ዘበሉ ትሕቲ ኣእጋሩ ክሳዕ ዚገብሮም፡ ክነግስ ይግብኦ እዩ እሞ፡ ኩሉ ሽመትን ስልጣንን ሓይልን ምስ ሰዓረ፡ እታ መንግስቲ ንእግዚኣብሄር ኣቦ ምስ ወፈየ፡ ሽዑ እዩ መወዳእታ ዚኸውን። 26 እቲ ኣብ መወዳእታ ዝስዐር ጸላኢውን ሞት እዩ።

2 ቆሮንቶስ 1:9,10 ኣብቲ ንምዉታት ዜተንስእ ኣምላኽ እምበር፡ ኣብ ገዛእ ርእስና ምእንቲ ኸይንውከልሲ፡ ሞት ከም እተፈርደና ኣብ ውሽጥና ይስምዓና ነይሩ። 10 ንሱ ኻብ ክንድዚ ዚኣክል ሞት ኣድሒኑና የድሕነና ድማ ኣሎ፡ ንዳሕራዩውን ከም ዜድሕነና፡ ብእኡ ተስፋ ንገብር ኣሎና።

2 ቆሮንቶስ 3:6 ፍዴል ይቕትል፡ መንፈስ ግና ህያው ይገብር እዩ እሞ፡ ንሱ ኸኣ ንናይ መንፈስ እምበር፡ ንናይ ፍዴል ዘይኮነ ኣገልገልቲ ሓድሽ ኪዳን ክንከውን ከኣልቲ ገበረና።

ቆላስይስ 1:21-23 ንኣኻትኩም፡ ቀደም ፍሉያት ብሓሳብኩምን ብኽፉእ ግብርኹምን ጸላእቲ ዝነበርኩም ከኣ፡ 22/23 ካብቲ ዝሰማዕኩምዎ ተስፋ ናይቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንዘሎ ኹሉ ፍጡር እተሰብከ ወንጌል፡ ኣነ ጳውሎስ ዘገልጋሊኡ፡ ከይተናቓነቕኩም፡ ተሰሪትኩምን ደልዲልኩምን ብእምነት እንተ ጸናዕኩምሲ፡ ኣበርን ነቕፋን ዜብሎም ቅዱሳን ገይሩ፡ ኣብ ቅድሚኡ ምእንቲ ኬቕመኩም፡ ሕጂ ብሰብነት ስጋኡ ብሞቱ ገይሩ ዐረቕኩም።

2 ጢሞቴዎስ 3:8,9 ከምቲ እያኔስን እያምብሬስን ንሙሴ እተቓወምዎ፡ እቶም ኣእምሮኦም ብጠፍኤ፡ ብእምነት ዘይተፈተኑ ሰባት ድማ ከምኡ ነታ ሓቂ ይቃወምዋ ኣለዉ። 9 ግናኸ ከምቲ ናይ እቲኣቶም ዝኾነ ኸኣ፡ እቲ ዕሽነቶም ንኹሉ ኺግለጽ እዩ እሞ፡ ካብኡ ሓሊፎም ኣየስልጡን እዮም። (ሕዝቅኤል 13:17-23)

ዕብራውያን 2:9 ነቲ ብምኽንያት ስቅያት ሞቱ ኻብ መላእኽቲ ገለ ቕሩብ እተታሕተ የሱስ ግና፡ ብጸጋ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ኹሉ ሰብ ሞት ምእንቲ ኺጥዕምሲ፡ ኣኽሊል ክብርን ግርማን ተኸሊሉ ንርእዮ ኣሎና።

ዕብራውያን 2:14-16 እምብኣርሲ ብሓቂ ንዘርኢ ኣብርሃም ኣልዐሎ እምበር፡ ንመላእኽትስ ኣየልዐሎምን እሞ፡ እቶም ውሉድ ብደምን ስጋን ካብ ዚሐብሩስ፡ ብሞቱ ነቲ ሓይሊ ሞት ኣብ ኢዱ ዝሐዘ ምእንቲ ኺስዕር፡ ንሱውን ድያብሎስ እዩ፡ ነቶም ብፍርሃት ሞት ብዘሎ ዘመኖም ብባርነት ተታሒዞም ዝነበሩ ኹሉቶም ሓራ ምእንቲ ኼውጽኦም ኢሉ፡ ንሱውን ብእኡ ሐበሮም።

ዕብራውያን 11:5 ሄኖክ፡ ሞት ምእንቲ ኸይርኢ፡ ብእምነት ገዐዘ፡ ቅድሚ ምግዓዙ ንኣምላኽ ከም ዘስመረ፡ ተመስኪሩሉ ነበረ እሞ፡ ኣምላኽ ስለ ዘግዐዞ፡ ኣይተረኽበን።

1 ጴጥሮስ 3:18 ክርስቶስ ድማ፡ ናብ ኣምላኽ ምእንቲ ኼቕርበና ኢሉ፡ ንሱ እቲ ጻድቕ ስለቶም ዓመጽቲ ሓንሳእ ስለ ሓጢኣት ሞተ፡ ብስጋ ሞተ፡ ብመንፈስ ግና ህያው ኮነ።

2 ጴጥሮስ 1:3 እቲ ብፍልጠት ክብሩን ደግነቱን ዝጸውዓና ኣምላኻዊ ሓይሉ ንህይወትን ንፍርሃት እግዚኣብሄርን ዚኸውን ኩሉ ኻብ ዚህበና፡

2 ጴጥሮስ 2:1,3 ግናኸ ነብያት ሓሶት ድማ ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ተንሲኦም ነበሩ፡ ከምኡ ኸኣ ኣብ ማእከልኩም መምህራን ሓሶት ኪትንስኡ እዮም፡ ናብ ርእሶም ቅልጡፍ ጥፍኣት እናምጽኡ ድማ፡ ክሳዕ ነቲ እተሻየጦም ጐይታ እኳ ኪኽሕድዎ እዮም፡ ንሳቶም ናይ ጥፍኣት ምፍልላይ ኣስሊኾም ኬእትዉ እዮም። 3 ብስስዔ ብዘረባ ጥበራ ገይሮም፡ መናገዲ ኺገብሩኹም እዮም ፍርዶም ኣይዐርፍን ጥፍኣቶምውን ኣይድቅስን እዩ።

1 ዮሐንስ 3:14 ንሕና፡ ነሕዋት ነፍቅሮም ስለ ዝኾንና፡ ካብ ሞትሲ ናብ ህይወት ከም እተሳገርና፡ ንፈልጥ ኣሎና። እቲ ዘየፍቅር ግና ኣብ ሞት ይነብር።

1 ዮሐንስ 5:11 ኣምላኽ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዝህበና፡ እቲ ምስክር እዚ እዩ እሞ እዛ ህይወት እዚኣ ኣብ ወዱ ኣላ።

ራእይ ዮሐንስ 21:6 ቀጺሉ ኸኣ፡ እዚ ኽዉን እዩ፡ ኣልፋን ኦሜጋን፡ መጀመርታን መወዳእታን ኣነ እየ። ኣነ ንዝጸምኤ ኻብ ዓይኒ ማይ ህይወት ብኸምኡ ኽህቦ እየ። (ምሳሌ 14:27)

ሕዝቅኤል 13:17-23 ኣምላኽ delivers the souls of ኣምላኽ people from witchcraft.

ኢሳይያስ 28:15,18 covenant with death, and agreement with hell - ኣምላኽ breaks.

ኢሳይያስ 5:24 rotton root

ዮኤል 1:12 withered joy

ሆሴእ 13:15 dry spring & dry fountain